الحركة الشعبية الإرترية

ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ

Eritrean People's Movement

**መእተዊ**

ክፍሊ ዜናን ሓበሬታን ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ምስ ግዜያዊ ኣቦ መንበር ኤህም ብጻይ ሃብተማርያም በርሀ ዘካየደቶ ቃለ መጠይቕ ንህዝቢ ተቕርብ።
ብፈለማ ነዚ ቃለ መሕትት ዕድል ስለዝሃብካና ብስም ኩሎም ተከታተልቲ ክፍሊ ዜናን ሓበሬታን ኤህም ከመስግነካ እፈቱ። ኣስዒበ ናብ'ቲ ሕቶታት ከእትወካ።

1. ሕቶ፡ ብመጀመርያ ናብ ድሕረ ባይታኻ ብምትኳር ንሰማዕትናዶ ክተላልየና ምኽኣልካ?
   ሃብተማርያም፡ ብዛዕባ ሞያኻ ባዕልኻ ምዝራብ ኣብ ባህልና ልሙድ ኣይኮነን ። እዚ ሰሪሑ፡ ከምዚ ነይሩ፡ እዚ ገይሩ፡ ኢልካ ንነብስኻ ምልላይ ከም ጀህራ ስለ ዝሕሰብ ካልእ ሰብ ንሞያኻ እንተተዛረበ'ውን ስኽፍክፍ ይብለካ። ኮይኑ ግን ነቲ ሕቶ ንምምላሱ ብሓጺሩ ድሕሪ ባይታይ ከምዚ ዝስዕብ እዩ። ኣነ ካብ ሓረስቶት ስድራ-ቤት ኣብ ዓዲ ፌኒዕ ወረዳ ጽንዓደግለ ኢየ ተወሊደ። ናብ መኣዲ ትምህርቲ ኣትየ መባእታዊ ትምህርተይ ኣብ ኣቈሩር፡ ጸኒሐ ከኣ ንኣዲስ ኣበባ ብምኻድ ትምህርተይ ወዲአ ን6 ወርሒ ኣብ ንግዲ ባንክ ኢትዮጵያ ሰሪሐ። ኣብ መወዳእታ 74 ከኣ ንሜዳ ናብ ህዝባዊ ሓይልታት ተሰሊፈ። ኣብ ሓይልታት ተመዲበ ከኣ ከም ተራን ሓላፍን ኮይነ ክሳብ መውጋእቲ ዝበጽሓኒ ኣገልጊለ። ድሕሪኡ ከኣ ኣብ ክፍሊ ቁጠባ - ኣብ ንግድን ሸቐጥን ተመዲበ። ድሕሪ ምዝላቕ ከኣ ናብ ክፍሊ ፋይናንስ ተቐይረ ኣብ ፖርት ሱዳን፡ ጸኒሐ ኣብ ካርቱም ኣብ ክፍሊ ሕሳብ ኣወሃሃዲ ናይ ወጻኢ ፋይናንስ ኮይነ'ውን ኣገልጊለ። ኣብ ወጻኢ ዝግበር ቁጠባዊ ጉዳያት ዝከታተል ኣብ 1983 ኣብ ሮማ (ሃገረ ኢጣልያ) ስለ ዝቖመ ከም ሓላፊ ናይ ሕሳብን ፋይናንስን ኮይነ ንሮማ ተቐይረ። ቀጺለ ክሳብ ናጽነት ሓላፊ ወጻኢ ቁጠባዊ ኮሚሽን ብምዃን ኣገልጊለ። ድሒሩ ንብረት ህግሓኤን መንግስትን ምስ ተፈላለየ ድማ ከም ሓላፊ ንብረት ህግሓኤ/ህግደፍ ኮይነ ድማ ንሓጺር ጊዜ ሰሪሐ።

2. ሕቶ: ኩነታት ሃገርና ካብ ዝኸፍአ ናብ ዝገደደ ይኸይድ ከምዘሎ ንኩሉ ርዱእ እዩ፡ እንተኾነ ብመርትዖታት ኣሰኒኻ ኣሕጺር ኣቢልካ ንሰማዒ መረዳእታ ክትህበልናዶ ትክእል
   ሃብተማርያም: እዚ ሕቶ'ዚ ብግቡእ ክምለስ እንተኾይኑ ኣቀዋውማ ሕብረተሰብ ኤርትራ ምስ ባህሉን ልምዱን እምነቱን ኣዛሚድካ ተራኡ ኣብ ማሕበራዊ ዕዮ፡ ኣብ ማሕበራዊ ፍትሒ፡ ኣብ ማሕበራዊ ሓልዮት ኮታ ብዓቢኡ ኣብ ሞራላውን መንፈሳውን ጉዳይ ዝትንክፍ  ስለ ዝኾነ፤ በቲ ካልእ መዳይ ከኣ ተራ ስርዓት ህግደፍ ኣብዞም መሰረታውያን ነገራት ዘለዎ ኣጠማምታን ብፍላይ ኣብ <u>ሓልዮት ማሕበራዊ ናብራ</u> ዘለዎ ኣተሓሕዛ እንታይ ይመስል ንርእየሉ ሕቶ'ውን እዩ።

   ሕብረተ-ሰብ ኤርትራ ከም ኩሉ ሕብረተ-ሰብ ዓለም ብዝተፈላለየ ደርብታት (ቀጻላታት) ዝቖመ እዩ። ብኡ መጠን ከኣ ቁጠባዊ እቶቱ ወይ'ውን ዝውንኖ ንብረት ይፈላለ። ኣብቲ ሓደ ደርቢ'ውን ድሓን እቶት ወይ ትሕዝቶ ዘለዎ፡ ካብኡ ትሕት ዝበለ ወይ ዓቕሚ ነብሱ ዘለዎ ትሕዝቶ ዝውንን'ውን ኣሎ። ዝበዝሐ ካብቲ ሕብረተሰብ ከኣ ፈጺሙ ዝውነን ዘይብሉ ካብ ኢዱ ናብ ኣፉ ዝነብር እዩ። ምስዚ ከኣ ጽጉማት ኣለው፡ ዘኽታማት ቆልዑ ኣለው፡ ኣረገውቲ'ውን ኣለው። ህዝብና ኣብ ከተማን ገጠርን ዝነብር ስለ ዝኾነ ኩነታት መነባብርኡ ከኣ ብኡ ደረጃ ይፈላለ። 90% ሕብረተሰብ ኤርትራ ኣብ ገጠር ብሕርሻን መጓሰን ዝነብር ብልምዳውን ድሑር ናውቲ ማእቶን ዝጥቀም እዩ።
   ኣብ ከተማ ከኣ፡ ብፍሉይ ሞያኦም ኣገልግሎት እናሃቡ ሂወቶም ዝመርሑ ከም መሃንድሳት፡ ጠበቓታት፡ ሓካይም፡ መማህራን፡ ወዘተ ከም ዘለው ምግንዛብ የድሊ። ኣብ ውሽጣውን ወጻእን ንግዲ ዝተዋፈሩ፡ ኣብ ፋብሪካ ዝሰርሑ፡ ኣብ ዘበናዊ ሕርሻ፡ ኣብ ትምህርቲ፡ ኣብ ጥዕና፡ ህዝባዊ መጎዓዝያ ኣብ ርክባት፡ ወዘተ ድማ ከከም ሞያኦምን ክእለቶምን ኣብ ማሕበራዊ ዕዮ ዝዋስኡ'ውን ኣለዉ።

ስርዓት ኣስመራ ግን ካብ ናቱ ዝተፈልየ ርእይቶ ዘይቅበል ንኣድማሳዊ ሕጊ መሰል ሰብ ዘየኽብር ሞራልን ሕልናን ዝጎደሎ ጨፍላቒ ስርዓት ስለ ዝኾነ፡ ፍሉይ ርእይቶ ዘለዎ ናብ ቤት ማእሰርቲ፡ ሕቶ ዝሓተተ ናብ ቤት ማእሰርቲ፡ ፍሉይ እምነት ዝተኸተለ ናብ ቤት ማእሰርቲ፡ እሱር ቤተሰቡ ክሓትት ዘየፍቅድ ብምሉኡ ምሉእ ሰብ ዘሕቕቕ እዩ። እዚ ኣገባብ'ዚ ኣብ ዘበነ ገድሊ ዝነበረን ሎሚ ከኣ ብዝተዓጻጸፈ ቁጽሪ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ኤርትራ ዝፍጸም ዘሎ ዕለታዊ ተግባር ኮይኑ ኣሎ። ዒራ-ዒሮ፡ ዊዓ፡ ዓላ፡ ባረንቱ፡ ናኹራ፡ ኣብ ከተማታት፡ ማይ ስርዋ፡ ዓዲ-ኳላ ወዘተ ተሰሪሑ ዘሎ ቤት ማሕቡሳት መኣስ ኤርትራዊ ትምህርቲ ክቐስምሉ ኮይኑ ተሰሪሑ ሂወቱ እኳ እዩ ዘማስንን ዘሓቕቕን ዘሎ።
ኣብ ኤርትራ ሎሚ ነፍሲ ወከፍ በዓል ሞያ ወይ ጉጅለ ሞይኡ ብነጻ ክጥቀም ይኽእል ዲዩ? ናብ ኣመሓደርቲ ይኹን መንግስቲ ዝቐነዐ ጥርዓን ናይ ምቅራብ መሰል ኣሎዎ ዲዩ? ናይ ምዝራብ መሰል፡ ናይ ምእካብ መሰል፡ ናይ ምንቅስቓስ ነጻነት፡ ማሕበርካ ናይ ምምስራት መሰል፡ ብዓቢኡ ከኣ <u>ሓልዮት ማሕበራዊ ናብራ</u> ኣብ ኤርትራ ቦታ ኣሎዎ ዲዩ?

ኣብ ኤርትራ ሕግን ቅዋምን ስለ ዘየለ እዞም መሰረታውያን ኣምራት እዚኣቶም ብምልኦም ብስርዓት ህግደፍ ዝተገበቱ ኢዮም። መራሕቲ ህግደፍ ንባዕሎም ሞራላዊን መንፈሳዊን ሕጊ ዘይኽተሉ ሰባት ኢዮም። ህላወ ሓደ መራሒ ጥራሕ ዝግደስ ስርዓት። ማሕበራዊ ሕይወት ሕብረተሰብና ሎሚ ተዘናቢሉ ኣሎ። ነፍሲ ወከፍ ኤርትራዊ ዘሕልፎ ዘሎ መሪር ሂወት ዘይፈልጦ ኤርትራዊ ኣሎ ኣይብልን። ኣብ ልዕሊ ኤርትራዊ ዜጋ ዝፍጸም ዘሎ ሰብኣዊ ግህሰት እንኳን ንሕና ኤርትራውያንስ ይትረፍ ዓለም ብዓለማ እንድያ ተእዊ ዘላ።

<u>ኤርትራ ኣብ 91 ነጻ ምስ ወጸት ዝተጠቕመለን</u> ተገራጫዊ ፖሊስኡ እስኪ ንተዓዘብ፡

1. እግሩ ኣስመራ ምስ ረገጸ ሃገር ባዶ ጸኒሓትና እናበለ ሓላይ ህዝቢ ክመስል ነቲ ኣብ ቲሕቲ ደርጊ ኣብ ዝተፈላለየ ቤት ጽሕፈታት ዝሰርሑ ዝነበሩ ሲቭል ናይ ደሞዝ ወሰኽ ገይሩሎም። ኣብ 94 ከኣ ምንጽልጻል ዝብል ኣምጺኡ ካብ ስራሕ ኣባሪሩዎም።
2. ብሰንኪ ኩናት ካብ ዓደን ተዘናቢለን ኣብ ቲሕቲ ገድሊ ተዓቑበን ዝነበራ ኣደታት እሞ ከኣ ኣብ ዝተፈላለየ ኣገልግሎት ዝህባ ዝነበራ ኣስመራ ኣደይቡ ብዘይ ሓደ መዕቀቢን መነባብሮን ኣብ ጥራይ ጎልጎል ደርቢዩወን።
3. ኣብ ህዝቢ ተጋደልትን ሲቭልን ዝብል መፋላለይ ፈጢርካ ዝለዓለን ዝተሓተን ዜጋ ከም ዝህሉ ጌሩ።
4. ሃገራዊ ኣገልግሎት ዝብሃል ምስ መጸ ዋርሳይ ይከኣሎ ዝብል ስም ኣጠሚቑ ይከኣሎ ዝበለጹን ዝለዓሉን ዋርሳይ ግን ብካልኣይ ደረጃ ዝሰርዑ ኮይኖም እኒሆ ኣብ ዘይውዳእ ኣገልግሎት ከም በራዩ ብዘይ ደሞዝ ሂወቶም ብኽንቱ ወይ ብላሽ ይባኽን ኣሎ። ውጽኢቱ ከኣ እዚ ንርእዮ ዘሎና ምብትታን መንእሰያት ፈጢሩ ኣሎ። እቲ ይከኣሎ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ተጋዳላይ እውን ቀንዲ ግዳይ ናይ'ቲ ስር ዓት ካብ ምኳን ኣየምለጠን፤ ይብተን እዩ ዘሎ።
5. ሎሚ መሃንድሳት ኤርትራ ናብ ሃገራት ኣፍሪቃ ኢዮም ተበቲኖም ዘለው።
6. ብደዐ መራሒ ህግደፍ ከይሓፈረ ምሁራት ጠበቓታት ኣብ ኤርትራ የለውን ክብል በቒዑ እዩ። ግዝኣተ ሕጊ እንተዘየሎ ደኣ እንታይ ጠበቓ ኣድለየ? ኣብ ክሰርሕሉ ዝክእሉ ሃገር እወ ተሰዲዶምን ይስደዱን ኣለዉ። ንመዓልቲ ሓንቲ ባኒ ዘይረክብ ህዝቢ ከም ዘሎ መን ይስሕቶ። ክንደይ ኣደታት ድየን ጋቢኦን ተሸፊነን ጽግዕ ኢለን ድራር ቀልዑ ስኢነን በጃኹም ዝብላ ዘለዋ። እዚ ተርእዮ'ዚ ካብ ዓይኒ ሰብ ዝተኸወለ ኣይኮነን ኣብ ባይታ ዘሎ ሓቂ እዩ። ኣብ ኤርትራ ዘሎ ሕማቕ ኩነታት ሎሚ መወዳድርቲ የብሉን።

ፖሊሲ ቁጠባ ስርዓት ህግደፍ ንከምስል ነጻ ዕዳጋ የፍቕድ እየ እዩ ዝብል።ብግብሪ ግን ብግምጣሉ እዩ ዝሰርሕ ዘሎ። ኩሉ ሜዳታት ብኢድ ህግደፍ ዝተባሕተ እዩ። ትካላት ህግደፍ ጥራሕ እየን ንኹሉ ብሒቶንኦ ዘለዋ። ብሓንቲ ናይ ጽዕነት መኪና ዝናበሩ ሰባት መኪናኦም ስራሕ ክትረክብ እንተኾይና ምስቲ <u>ትራንስሆርን (Transhorn)</u> ዝብሃል ትካል መጎዓዝያ ህግደፍ ክትጽጋዕ ኣሎዋ። ህግደፍ ንይምሰል ናይ ብሕቲ ንግዲ ፍቓድ (ሊቸንሰያታት) እኳ እንተፈቐደ ምስቲ ብነጻ ጉልበት ዝመልኦን፡ ቀረጽ መንግስቲ ዘይከፍል ትካላቱን ናይ ብሕቲ ነጋዶ ኣብ ዕዳጋ ክወዳደሩ ዓቅሚ የብሎምን። ናይ ወጻኢ ሸርፊ ናይ ምርካብ ሕቶ'ውን ኣሎ። ሓረስቶት ምህርቶም ኮነ ጥሪቶም ኣብ ዝደለይዎ ክሸጥዎ ኣይፍቀደሎምን እዩ። እታ ዘላቶም ንእሽቶይ ቃጽያ ብሰላም ክሓርስዋ እኳ ኣይከኣሉን። መሬት ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሩ ብምእታው ካብ ዋናታት እናመዝዐ ንሰብ ዶላራት ይሸጠ ኣሎ። ሎሚ ኣብ ከባቢ ከተማ

ዝርከቡ ገባሮ እታ እንኮ ዘላቶም ዋንነት መሬት ብዘይ ሓደ ካሕሳ መንዚዑ ናብ ዲቅ ዝበለ ድኽነት ተሸሚሞም ይርከቡ ኣለው።

ጉዳይ ትምህርቲ፡ ኣብ ኤርትራ ሰረት ዘለዎ ስርዓተ ትምህርቲ ኣሎ ክብሃል ዝከኣል ኣይኮነን። እቲ ዝገርም ሚኒስትሪ ትምህርቲ ካብ 11 ክፍሊ ንታሕቲ ጥራሕ ተሓጺሩ ተሪፉ ኣሎ። ካብኡ ንድሓር ዘሎ ዓይነት ትምህርቲ ንሱ'ውን ዕላምኡ ጥዑይን ነጻን ዘይኮነ ብቐጥታ ምስ ወተሃደራዊ ኣገልግሎት ዝተኣሳሰረ ኣብ ትሕቲ ህግደፍን ወተሃደራዊ ትካላትን ዝመሓደር ምዃኑ'ዩ። ዩኒቨርስቲ ኣስመራ ዓጺኻ ኣብ ካልእ ዝተፈላለየ ኮለጃት ኣሎ እንተተባህለ ንፍሉይ ፖለቲካዊ ዕላማ ከገልግል ዝተዳለወ ምዃኑ ንማንም ስውር ኣይኮነን።

ጉዳይ ጥዕና፡ ኣብዚ'ውን ሓደ ካብቲ ሓደ ነጻጺልካ ክርአ ስለ ዘይከኣል ጥዑይ ናይ ሕክምና ኣገልግሎት ኣሎ ክብሃል ኣይከኣልን። ብሰንኪ ሕጽረት መድሃኒት ብዙሕ ሰብ ብሕማም ይሳቐ ከም ዘሎ ኩሉ ዝፈልጦ ሓቂ እዩ። ነቲ ቀሊል ሕማም ዝኸውን ኣፋውስ'ውን የለን።
ኣብዚ እዋን'ዚ ኣጠቓሊልካ ክርአ ከሎ መደባት ሚኒስትሪታት ኣብ 3ተ ዝተኸፍለ እዩ። በቲ ሚኒስትሪ ዝትሓዝ፡ ብህግደፍ ዝትሓዝ፡ ብናይ ዞባ ወተሃደራዊ ምምሕዳር ዝትሓዝን ተባሂሉ ኣብ 3ተ ይኽፈል። ነዚ ኣገባብ ዝተመርጸሉ ከኣ ንሓደ ጉዳይ ብዝተፈላለዩ ኣካላት ናብ ሓደ ሰብ ንምቕራቡ ተባሂሉ ዝተሳእለ እዩ። ኣብ ሓደ ዓውደ ስራሕ ዝተፈላለዩ ምምሕዳራት ፈጢርካ ኣብ ነንሕድሕዶም ኣብ ግርጭት ንኽነብሩ ዝገብር ቀናን ፖሊሲ እዩ። ብኡ ጌርካ ከኣ ንምቁጽጻሮም ዝቐለለ ይኸውን። ዘይሩ ዘይሩ ግን ተሓታቲ ዘይብሉ ንምጥፍፋእን ንብልሽውናን ዝዕድም፡ ንጅባ ጀነራላቱን ሃሱሳቱን  ዘህጥር ብልሽው ምሕደራ ምዃኑ ከኣ ብሩህ እዩ።
ነቲ ሕቶ ምስዚ ኣብ ላዕሊ ተገሊጹ ዘሎ ኣዛሚድና ምስ እንጥምቶ ኩነታት ህዝቢ ኤርትራ ካብ ዝኸፈአ ናብ ዝገደደ ይኸይድ ከምዘሎ ንባዕሉ እኹል መርትዖ እዩ።

3. ሕቶ: እቲ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝወሰዶ ማዕቀብ ኣብ ኤርትራ ኤህም ብከመይ እዩ ዝርእዮ።
ሃብተማርያም: ዕላማ እዚ እገዳ'ዚ ብቐጥታ ንስርዓት ህግደፍ ዝምልከት እዩ። ፖሊሲ ስርዓት ህግደፍ ተናኻሲ እዩ። ኣብ ሃገሩ ሕግን ቅዋምን ዘይብሉ ብሕጊ ሕቡራት ሃገራት ዘይቅየድ፡ ሃዋሁው ሰላም ዝዘርግ፡ ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ኣብ ኩናት ክነብር ዝመረጸ ስርዓት ምዃኑ ዓለም ብዓለማ ተረዲኣቶ ኣላ።
ኤርትራ መናሃርያ ናይ ተቓወምቲ ውድባት ጎረባብቲ ሃገራት  ካብ ትኸውን ካብ 94 እዩ ዝጀመረ። ናይ ደቡብን ምብራቕን ሱዳን ድሓር ምስ ናይ ዳርፉር ተቓወምቲ፡ ምስ ናይ ዓበይቲ ቀላያት ዝተፈላለዩ ናይ ኢትዮጵያ ተቓወምቲ፡ ናይ ጅቡቲ ተቓወምቲ፡ ብዓይብኡ ከኣ ሕንፍሽፍሽ ናይ ሶማል ጽቡቕ ገይሩ ይምዝምዞ ከም ዘሎ ኩሉ ዝፈልጦ ሓቂ እዩ። በዚን ወዲኸምዚን ኣብቲ ከባቢ ሰላም ንኸይነግስ ስረሓይ ኢሉ ዝዋሳኣሉ ዘሎ ጉዳይ ምኻኑ ማሕበረ-ሰብ ዓለም በጺሕዎ ኣሎ። ብፍላይ ኣብ ናይ ሶማልን ጅቡትን ዝገብሮ ዘሎ ተዋስኦ ኢዱ ክእክብ ብዝተፈላለየ እዋን ምሕጽንታን መጠንቀቕታን ተነጊርዎ ነይሩ። ነዚ ኩሉ ዕሽሽ ብምባል ናይ ጥፍኣት ጎደና ስለ ዝመረጸ ግን ንፍሉይ ጉጅልኡ ዝጠመተ እገዳ (ማዕቀብ) ብባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ብ1907 ዝፍለጥ ውሳኔ ክመጽእ ግድነት ኮይኑ። ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ እዚ ውሳኔ'ዚ ንፍሉይ ጉጅለ ስርዓት ህግደፍ ዝምልከት ምኻኑ ስለ ዝርዳእ ብምሉእ ልቡ ይቕበሎ። እንተኾነ ምስ ቆንጠጠፈ ዝለገበት ቆልቋል'ሲ ዘለዓለም ወይ ኩሉሳዕ ክትነብዕ ትነብር ከም ዝብሃል ብሰንኪ ስርዓት ህግደፍ ህዝቢ ኤርትራ ደም ክነብዕ ጸኒሑን ሕጂ'ውን ንሱ ክሳብ ዘሎ በዚ ኣሳቢቡ ዝያዳ ግፍዕታቱ ከም ዘዛይድ ዘማትእ ኣይኮነን።

4. ሕቶ: እዚ ማዕቀብ'ዚ ንህዝቢ ኤርትራ ክሃስዮ ይኽእል ድዩ?
ሃብተማርያም: እዚ እገዳ'ዚ ምስ ህዝቢ ኤርትራ ምንም ምትእስሳር የብሉን። ናብ ህዝቢ ኤርትራ ዝቀነዐ እውን ኣይኮነን። ህግደፍ ነቲ ኩነታት መኣዝኑ ንምቕያር ኮነ ንህዝቢ ኤርትራ ንምድህላል ተባሂሉ ዝሃርሞ ዘሎ ዳንኬራን ከቦሮን ብዙሕ ውጽኢት የብሉን። ከም መንድዓት ኣብ ሕቆ ህዝቢ ኤርትራ ተወጢሑ ንህዝቢ ኣብ ድኽነት ሸሚሙዎ ዘሎ ስርዓት ህግደፍ ምዃኑ ህዝቢ ኤርትራ ኣጸቢቑ ይፈልጥ እዩ። ድሓር ከኣ በዚ ስርዓት'ዚ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ተበይኑ ዘሎ እገዳዶ ውሒዱ እዩ። ረዲኤት ካብ ማሕበረሰብ ዓለም ከይረክብ እዩ'ኳ ተኣጊዱ ዘሎ!!! ካብ ቦታ ናብ ቦታ ብነጻ ከይንቀሳቀስዶ ኣይኮነን ኣብ መቆጻጸሪ ቦታታት መንነት ዝሕተት ዘሎ!!!። ደቁ ካብ ሕቑፍኡ እናመንዝዐ ኣብ ዘይውዳእ ግዱድ ኣገልግሎት ኢዮም እኮ ዝበልዩ ዘለው!!!

5. ሕቶ: ደገፍቲ ጉጅለ ህግደፍ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ዓለም ሰላማዊ ሰልፊ ከምዝገበሩ ይዝከር እዩ። እዚ ኣብ'ቲ ማዕቀብ ለውጢ ከምጽእ ይክእል ድዩ ወይ'ስ እንታይ መልእክቲ ኣለዎ ክብሃል ይከኣል?

*ሃብተማርያም*: እዚ ትርጉም ዘይብሉ ሰላማዊ ሰልፊ ንከንቱ ድካም እዩ። ብሕጋውያን ናይ ከባቢ ማሕበራትን (ኢጋድን ውድብ ሕቡራት ኣፍሪቃን) መንግስታትን ብመርትዖታት ተሰኒዩ ኣብ መጋባእያ ሕቡራት መንግስታት ቀሪቡ ዝተወሰነ ብይን ብኸምዚ ዝቕየር ኣይኮነን። እቲ ጸገም ንዓለም በቲ ናቱ ባህርይ ክመዝና ምፍታኑ እዩ።
እዚ ተዋስኦ'ዚ ዝያዳ ባህርይ ህግደፍ ዘነጽር እዩ። ከመይ እንተተባህለ ግብሩን ልሳኑን ነንበይኑ ዘይቃዶ እዩ። ንኣብነት ኣብቲ ናይ ባድመ ኩናት ብሩዋንዳን ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን ዝተጸወዐ ናይ ሰላም እማመ ስርዓት ህግደፍ ዕጭ ሓንፈፍኩ ኢሉ ኩናት እናካየደ ኣብ ዲያስፖራ ንዝርከብ ህዝቢ ወያነ ወሪሮምና ዓገብ በሉልና እናተባህለ ክንደይ ሰላማዊ ሰልፍታት ተወዲቡ ኣብ ቅድሚ ቤት ጽሕፈታት ሓያላን መንግስታት ከቦሮ ሒዝካ ክንደይ ዘይተደበለ። ብኡ ዝመጸ ለውጢ ግን ኣይነበረን። ናይ ትማለ ዳንኬራ ከኣ ካብቲ ዝሓለፈ ዝፍለ ዘይኮነስ ክልተ ነንበይኑ ዘይቃዶ ፖሊሲ ተሓንጊጥካ ንህልከት እንተዘይኮይኑ በዚ ዝመጽእ ፍታሕ ከምዘየለ ንባዕሉ ኣዳዕዲዑ ይፈልጥ እዩ። ባዕሉ ቀንጠብጠብ ክብል ኣብ ዘይጉዳዩን ዓቕሙን ዝኣተዎ ሽግር ሕጂ ብሰላማዊ ሰልፊ ፍታሕ ዝርከብ ኣይኮነን።
ኣብዚ ክጥቀስ ዘለዎ ኣገዳሲ ጉዳይ ግን ኣሎ። ንሱ ከኣ ብፍርህን ውልቃዊ ጥቕሚን ቅድሚት ሰሪዕካ ጉዳይ ህዝብኻ ዕሽሽ ክትብል ዘሕፍር እዩ። ሃገር እኳ ብዘይ ህዝቢ ዋጋ የብሉን። መንእሰያት ኣብ ውሽጢ ሃገሮም ኣይትምህርቲ፡ ኣይስራሕ፡ መዋእሎም በራዩ ኮይኖም የሕልፍዎ ኣለዉ። ኣብ ቤት ማሕቡሳት ንዓመታት ብዘይፍርዲ ይበልዩ!!! ኣብ ፈቐዶ ሃገራት ስደተኛታት፡ ኣብ ልብያ ግብጺ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ይበልዩ!!! ኣብ ሳህራን ውቅያኖስን ሬሳታቶም ድራር ኣሞራን ዓሳታትን ይኾኑ!!! ብስም ህዝቢ እናሸቀጥካ ንውሕዳት ዓመጽቲ ጉጅለ ክተድሕን ኣደራዕ ህዝቢ ከተናውሕ ዝግበር ሰላማዊ ሰልፊ ብታሪኽ ዘሕትት እዩ።

<u>ምስዛ ሕቶ'ዚኣ ትተኣሳሰር ካብተን ብሉጻት ደርፊ የማነ ባርያ ኣብ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ ነቲ ስደተኛ ኤርትራዊ ዝደረፉ ብዛዕባ "ዝመን በዲልካኒ…ስደተኛ ገርካኒ… ኣይመርጽ ኣይምረጽ"</u> ትብል ነዚ ሕጂ መንእሰያትና ኣብ ዝተፈላለየ ሃገራት ርእሶም ኣድኒኖም ስተደኛታት ኮይኖም ዘሕልፍዎ ዘለዉ መከራን ስቓይን፡ ህዝብና ኣብ ሃገሩ ብሰላም ከሳፍሕን ክምረጽ ኮነ ክመርጽ ዕድል ዘይብሉ ህዝቢ ምዃኑ ተዘኻኺረኒ።

6. ሕቶ: ደንበ ተቓውሞ ማለት ኤርትራውይን ውድባትን በረገሳውያን ማሕበራትን ኩሉም ውልቀ ሰባትን ነዚ ማዕቀብ ናይ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ጉጅለ ህግደፍ ብከመይ ከስርሕሉ ኣለዎም ኢልካ ትኣምን?

*ሃብተማርያም*: ቅድም'ውን ሕቶና ንጹር እዩ ነይሩ፡ ዝያዳ ከኣ እናተነጸረ ይመጽእ ኣሎ። ብደረጃ ማሕበረሰብ ዓለም ነቲ ንቃለሰሉ ዘሎና ዕላማ ዝድግፍ ምቹእ ሃዋሁው ተፈጢሩ ስለ ዘሎ ብሓደ ድምጺ ክንሰርሕ ይግባኣና። ነቲ ኩነታት ክንጥቀመሉ ኣሎና። ህዝብና ዘሕልፎ ዘሎ ጸገም ኩልና ስለ ንርድኦ ንምዝናይ ግዜ ዝህብ ኣይኮነን እዋኑ። ዘይቅየር ነገር የለን፡ ሕጂ ዘሎ ኩነታት ጽባሕ ክቕየር ይኽእል እዩ። እቲ ዘሎ ምጥርናፋት ናብ ዝለዓለ ደረጃ ክሰጋገር ክኸእል ኣለዎ። ኣነ ይዓቢ ኣነ ይሕይል ዝብል ኣተሓሳስባ ግዜኡ ዝሓለፈ እዩ። ቦታ'ውን የብሉን።

7. ሕቶ: ናብ ኩነታት ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ክእትወካ እሞ፡ እቲ ዘጋጠመን ሕጂ ዘለዎ ኩነታትን'ዶ ምገለጽካልና?

*ሃብተማርያም*: ኣብ ኤህም ዘጋጠመ ኩነታት ኣብቲ ግዜኡ ተገሊጹ ስለ ዝነበረ ሕጂ ኣብ ብዙሕ ዝርዝራትን ትንታኔን ምእታው ኣገዳስነት የብሉን። ዘይተደልየ ምፍንጫል ግን ኣጋጢሙ ኣሎ። እዚ ተረኽቦ'ዚ ንማንም ዘሕጉስ ኣይኮነን፡ ረብሓ'ውን የብሉን። ጠንቂ ናይቲ ሕቶ ብሕጽር ዝበለ ብቅዋምን ዲሞክራሲያዊ ሕጊን ተቀይድካ ዘይምኻድ ዝፈጠሮ ምዃኑ ከኣ ደጊመ ከብርህ ይፈቱ። ኩሉ ናይ ምርድዳእ ማዕጸታት ምስ ተዓጽወ ዝመጽእ ምዕባለ ድማ እዚ ዘሎናዮ ኩነታት ክመጽእ ግድን ይኸውን።

8. ሕቶ: ሓድነት ሓይሊ ምዃኑ ፍሉጥ እዩ። ህዝብና'ውን እንተኾነ ሓደ ኮይንና ብዝቐልጠፈ ክንድሕኖ እዩ ዝጽበ ዘሎ። እሞ ስለምንታይ ድኣ እዩ ኤህም ነቲ ሓድነት ናይ ሰለስተ ውድባት ነጺጉ ከም ምንቅስቓስ ክቕጽል ወሲኑ፡

*ሃብተማርያም*: ልክዕ'ዩ ሓድነት ሓይሊ'ዩ። ብዘይ ሓድነት ዝመጽእ ለውጢ ከም ዘየለ ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ኣጸቢቑ ይፈልጥ እዩ። ካብ ሜዳ ኤርትራ ኣትሒዙ ክሳብዚ ዘሎናዮ መዋእል ክንደይ

ተያትሮታት ኢና ርኢና። ክንደይ ስምረት ውድባት ኣብ ወረቐት ዘይተፈረመ። ዝፈረምሉ ቀለም ከይነቀጸ ከኣ ምፍልላይ የጋጥም ነይሩን ኣሎን። እቲ ዝመጽእን ዝድለን ስምረት ንረብሓ መንን በየናይ ኣገባብን እዩ ዘዛርብ ዘሎ። ቅድሚ ኩሉ ብመሰረታት ውሑስ ክኸውን ኣለዎ። ምትእምማንን ምጽውዋርን ክነግስ ኣለዎ። ዝኾነ ርክብ ብላዕሊ ክጅምር ባህርያዊን ቅቡልን እዩ። ኩሉ ኣብኡ ዝውዳእ ግን ኣይኮነን ሰንሰለታዊ ደረጃታት ኣለዎ። ንቐጻሊ ምዕባሊኡ ብኸመይ ይሰርሕ ከኣ ካልእ ኣርእስቲ እዩ። ኣብ ኤህዎ እዚ መላግቦታት'ዚ ስለ ዝነደለ እዩ ድማ ብግስ ከይበለ ዝፈሸለን ዝተፈናጨለን። ኩሉ ኣባል ኤህዎ ዝፈልጦ ሓቂ ከኣ እዚ እዩ።

9. **ሕቶ**: ኤህዎ ዝኽተሎ ኣገባብ ቃልሲ ከመይ'ዩ?

*ሃብተማርያም*: ብመሰረቱ ህዝቢ ኤርትራ ሰላም እዩ ዝደሊ። ስርዓት ህግደፍ ግን ካብ ናቱ ዝተፈልየ ርእይቶ ዘይቅበል፡ ኩሉ ናይ ሰላም መዓጹ ስለ ዝረገጦ (ዝዓጸዎ) ኤርትራዊ ድምጹ ከስምዕ (ክተንፍስ) ስለ ዘይፍቀደሉ ንዝቕልቀል ንግር ተቓውሞ ብዘለዎ ሓይሊ ዝጭፍልቕ ንሰላም ዘይቕበል ስርዓት ስለዝኮነ ተገዲድካ ዝተፈላለየ ሽርሒ ካብኡ ሓሊፍካ ናብ ፍሉይ ጉጅለ ነቲ ህዝቢ ዘበሳብስ ዘሎ ዝቐነዐ ጎነጽ ምጥቃም ዘይተርፍ ይኸውን። እዚ ንባዕሉ ምስ ህዝቢ ኤርትራ ተሓጋጊዝካ ዝፍጸም ዕዮ ም'ዃኑ ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ይኣምን።

10. **ሕቶ**: ኤህዎ ብዝሒ መንእሰያት ዝሓቖፈ ምንቅስቓስ እዩ። ኣብ ካልኣይ ጉባኤኡ ንመንእሰያት ፍሉይ ሓላፍነት ዘሸከመ ከም ም'ኻኑ መጠን እዚ ኣተሓሳስባን ኣገባብ ኣሰራርሓን ኣብ ቦትኡ ኣሎዶ ትብል። ጉባኤ ዘሸከሞ ሓላፍነት ብግቡእዶ ሰሪሑሉ ትብል። ኣብ'ዚ እንታይ እዩ ሚዛንካ?

*ሃብተማርያም*: ኣብዚ ናይ ለውጢ መስርሕ ተራ መንእስያት ዕዙዝ ም'ኻኑ ማንም ሰብ ዝርድኦ ይመስለኒ። መንእሰያት ዘይተሳተፍዎ ቃልሲ ክዕወት ኣይክእልን እዩ። መትከልን ራእይን ኤህዎ ኣብዚ ጉዳይ'ዚ ንጹር እዩ። መንእሰያት ክመርሕዎ ክብሃል ከሎ ከኣ ብመጀመርያ ኣብቲ ምንቅስቓስ ክጽንበሩ ኣለዎም፡ ክምከሩ ኣለዎም፡ ካብቶም ዓበይቲ ተሞክሮ ኣመራርሓን ዝምድናታትን ክሰንቁ ይግባእ። ኣቀዋውማ ሕብረተ-ሰብና፡ ኣብቲ ስርዓት ዘሎ ኣሰላልፋ ሓይልታትን ምክፍፋል ደርብታትን ብግቡእ ክፈልጥዎ ይግባእ። ኤህዎ ኣብ ካልኣይ ውድባዊ ጉባኤኡ ዝመረጾም መሪሕነት ዳርጋ ብምልኦም መንእስያት ኢዮም ነይሮም። ኣብ መንእስያት ዘለዎ ራእይ ድማ እዚ ንባዕሉ ዓቢ ምስክር ነይሩ።

እቲ ጉባኤ ዘሸከሞ ሓላፍነት ብግቡእዶ ሰሪሖሞሉ ንዝብል ሕቶ ከኣ መልሱ እወ እዩ። ነቲ ኣብ ኤህዎ ዘጋጠመ ኣሉታዊ ኩነታት ሕጂ ተብዲሁ ኣሎ። ካብቲ ጌጋታት ተማሂርና ኣሎና። ኣብ መንጎ ኣረጊትን ሓድሽን ኩልሳዕ ግርጭት ኣሎ። ይኹን እምበር ተጻራሪ ግርጭት ኣይኮነን።

11. **ሕቶ**: ናይ ኤህዎ ናይ 2010 መደባቱ እንታይ እዩ። እንታይ ከዕውትክ ትጽቢት ይግበረሉ ኣሎ። ህዝቢ ካባና እንታይ ይጽበ። ስለምታይ ህዝቢ ኣብ ደንበ ተቓውሞ ብብዝሒ ዘይሳተፍ?

*ሃብተማርያም*: እቲ ኣሉታዊ ተሞክሮ ምስ ተኸሰተ ብመጀመርያ መስመር ኤህዎ ኣብ ንቡር ቦትኡ ምምላስ እዩ ነይሩ። ሕጂ እዚ ተማሊኡ ኣሎ። ቀጺሉ ዝመጽእ ምስቲ ሓይልታት ተቓውሞ ብምትሕብባር ኣብ ኤርትራ ሰላምን ዲሞክራሲያዊ ሓርነትን ፍትሕን ክሳብ ዝነግስ ምርብራብ ይኸውን። ድልየታት ህዝብና ምምላእ። ህዝቢ ኣብ ደንበ ተቓውሞ ኣሎ። ካብዚ ዘለዎ ደረጃ ዓቕሙ ክብ ከብል ከኣ ኩሉ ዓዓቕሙ ይገብር ኣሎ። ደንበ ተቓውሞ ኣከያይድኡ እንድሕሪ ኣመዓራርዩ እቲ ዝድለ ዓርሞሾሽ ሓይሊ ምምጽኡ ኣይተርፍን።

12. **ሕቶ**: ኣባላት ኤዲኪ ኩሉ ዓይነት ኣገባብ ቃልሲ ክጥቀማ እየን ኣብ ቻርተርን ኣጽዲቐን ዘለዋ፤ እንተኾነ ገለ ኣብ ኤዲኪ ዘለዋ ውድባት ብሰለማውን ዲሞክራስያውን ኣገባብ ጥራሕ ነቲ ስርዓት ክቕይራ ከምዝደልያ ይገልጻ እየን። እዚ ኣብ ኤዲኪ ግብራዊ ስራሕ ክትገብር የኽእል'ዶ? ኤህዎ ኣብ'ዚ እንታይ እዩ ራእዩ።

*ሃብተማርያም*: ኣብ ኤዲኪ ተመሪጹ ዘሎ ኩሉ ዓይነት ኣገባብ ቃልሲ እዩ። ኤህዎ ኣባላት ኪዳን ዝተሰማማዓሉ ቻርተር ይቕበል። ይኹን እምበር ኪዳን ካብቲ ዘለዎ ዝያዳ ደፊኡ ግብራዊ ስራሕ ክገብር ክበቕዕ ኣለዎ። እቲ ብሰላምን ዲሞክራስን ዝብል ሓይሊ ነቲ ኩሉ ዓይነት ኣገባብ ዝብል ኣብ ምትግባሩ ክሳብ ዕንቕፋት ዘይፈጠረ ናይ ውሽጡ ንጥፈታት ከገብር ይፍቐደሉ እዩ። እቲ ነጥቢ ወይ ሕቶ ግን ኤዲኪ ናብ ግብራዊ ውድብ ብከመይ ይቕየር እዩ። ነዚ ከኣ ክንሰርሓሉን ክንረባረበሉን ኢና። ጎነጽ

ክብሃል ከሎ ከምቲ ኣብ ዘበነ ገድሊ ዝነበረ መሬትን ህዝብን በብቁሩብ ሓራ ምውጻእ ዝብል ሜላ ኣይኮነን ክትግበር ዝድለ ዘሎ። እዚ ሜላ'ዚ (ትዮሪ) ሎሚ ኣይሰርሕን እዩ። በዚ መንፈስ'ዚ ዝተላዕለ ተቓዋማይ ሓይሊ (ውድብ) ዘሎ ከኣ ኣይመስለንን።

13. **ሕቶ**: ኤህም ምስ ኣብ ኤዲኪ ዘለዋ ውድባት ሓቢርካ ምስራሕ ዝብል ሓፈሻዊ ዕላማ ከምዘለዎ ዝፍለጥ ኮይኑ ክሳብ ሕጂ ምስ ውድባት ዝገበሮ ርክብ ኣሎ ድዩ።
*ሃብተማርያም*: ኣብ ቦቦትኡ ብኮሚቴታት ተጠርኒፉ ዘሎ መሰረታት ኣባላት ኪዳን ንኣባላትና'ውን ስለ ዝሓቁፍ ዝምድናታት ንክትምስርት ሓደ ስጉምቲ ንቅድሚት ከይዱ ስለ ዘሎ ምስ ዝተፈላለያ ሓይልታት ንክትዛተ ምቹእ ዕድል ኣሎ። ኤህም ኣብዚ እዋዚ ምስ ፍሉይ ውድብ ዝገበሮ ርክብ የለን። ይኹን እምበር ኣብ ቀጻሊ ምስ ዝመስሎ ርክብ ክገብር ጸገም የብሉን።

14. **ሕቶ**: ድሕሪ ናይ ብራስለስ ኣኼባ ኤ.ዲ.ኪ ከምዝተዳኸመ ዝተፈላለዩ ባእታታት ክዛረቡ ይስማዕ እዩ። ኣብ'ዚ ጉዳይ'ዚ ኤህም እንታይ እዩ ርእይትኡ።
*ሃብተማርያም*: ሽዑ ብኹሉ ሸነኻት ነናቱ መግለጺታት የውጽእ ነይሩ እዩ። ዳርጋ ካብቲ ቀንዲ ጉዳይና ወጺእና ኣብ ነንሕድሕድና ኣብ ናይ ቃላት ውግእ ኣቲና ነይርና እንተተባህለ ሓሶት ወይ ምግናን ኣይኮነን። ኣብቲ ዋዕላ ዝተሳተፉ ወጻእተኛታት ኣብ ጉዳይና ክፈጥሮ ዝኽእል ሃንፍ ስክፍታታቶም'ውን ኣቐሚጦም ነይሮም ኢዮም። ከምዚ ዓይነት ከጋጥም ከሎ ጸላኢ ብረቂቕ ስልቲ ደጋፊ መሲሉ ኣብ መንጎ ብምእታው ነቲ ዝሓርፈፈ ዝያዳ ንክበላሾ ነዳዲ ከም ዝውስኽሉ ፍሉጥ እዩ። ደንበ ተቓውሞ ካብዚ ኣሉታውን ህውኹን ተግባር ተማሂሩ ክኸውን ተስፋ ይገብር። ከምዚ ዓይነት ኣከያይዳ ንዝኾነ ወገን ረብሓ የብሉን።

15. **ሕቶ**: ገለ ባእታታት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን (ኤዲኪ) 13 ውድባት ዝሓቖፈ ክንሱ ክሰርሕ ዝኽእል ህያው ዝኮነ ሓይሊ ኣይኮነን። እቲ ኤዲኪ ኣቑሙ ዘሎ መቕምያታት ወይ ዓንድታት ክዓቢ ኣሎዎ እንተዘይኮነ መሕለፊ ግዜ እዩ፤ ናይ ይጽንሓለይ ሓይሊ እዩ ዝብሉ ርእይቶታት ካብ ዝተፈላለዩ ባእታታት ይመጽእ እዩ። ገለ እውን ክፈርስ ኣለዎ ዝብሉ ኣለዉ። ኣብ'ዚ እቲ ሚዛን ናይ ኤህም እንታይ እዩ።
*ሃብተማርያም*: ካብ ነንበይንኻ ተነጻጺልካ ብዝተሓተ ፕሮግራም ተጠርኒፍካ ምስራሕ ይምረጽ። እዚ ማለት ግን 13 ውድባት ብሓደ ስትራተጂ ተጠርኒፈን ማለት ኣይኮነን። ነፍሲ ወከፍ ውድብ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያ ነጻ እያ። ኣብ ኩሉ ሜዳ ውድባዊ ስርሓታ ከተተግብር ምሉእ ነጻነት ኣለዋ። ኣብ ዘራኽበን ብሓባር ክሰርሓ ጥራሕ እየን ተሰማሚዐን ዘለዋ። ኣብ ኩሉ ሜዳታት ዝመርሕ ምእኩል መሪሕነት ንምቛም ጌና ኣይተበጽሐን። ኤህም ኣባል ኪዳን ካብ ዝኸውን ድሮ 2ተ ዓመቱ ረጊጹ ኣሎ። ኤህም ንባዕሉ ሽግራት ስለ ዝጸነሖ እዚ ገይሩ ኢልካ ትንየተሉ ጉዳይ ዘሎ ኣይመስለንን። ራእይ ኤህም ግን ኪዳን ካብዚ ንላዕሊ ክስጉም ኣለዎ ዝብል እምነት ኣለዎ። ብግቡእ እንተተሰሪሕዎ ክነው'ዚ ዘይስጉመሉ ምኽንያት'ውን ኣይረኣየካን።

16. **ሕቶ**: ኤዲኪ ሓያል ግብራዊ ውድብ ንኽኸውን እንታይ ክማላእ ኣለዎ ትብል? ኤህም ኣብ'ዚ እንታይ ተራ ክጻወት ጸኒሑን ኣሎን።
*ሃብተማርያም*: እዚ ነጥቢ'ዚ ምስቲ ኣብ ላዕሊ ተተንኪፉ ዘሎ ዝተኣሳሰረ ስለዝኾነ ኣብኡ ዝመለስክዎ እመስለኒ።

17. **ሕቶ**: ኤ.ዲ.ኪ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ብዛዕባ ኣገዳስነት ሃገራዊ ዋዕላን ንዕኡ እተካይድ ሽማግለ ኣውጺኡ ኣሎ። ኤህም ኣብ'ዚ ጉዳይ'ዚ እንታይ መርገጽን ርእይቶን ኣለዎ። ብኸመይ እዩከ ክሳተፍ።
*ሃብተማርያም*: ኣገዳስነት ናይቲ ጉዳይ ርዱእ ስለ ዝኾነ ኤህም ብኣወንታ ይርእዮን ይቕበሎን። ነዚ ቅዱስ ዕላማ ናብ ዝለዓለ ንምድያቡ ናይ ኩሉ ጻዕሪ ይሓትት። ነዚ ክውን ንምግባር ኤህም ምስ ኩሎም ደለይቲ ሰላም ብምትሕብባር ዓቕሙ ዘፍቅዶ ክገብር ምዃኑ በዚ ኣጋጣሚ ክሕብር ይፈቱ። ንዝርዝራቱ ዝምልከት ግን ብኣካል ዘይተሳተፍካዮን ኣብ ኢድካ ዘይበጽሐ ጉዳይ ርእይቶ ክትህበሉ ኣጸጋሚ እዩ።

ተገዲስካ ንዝሃብካና መልስታት ብስም ክፍሊ ምንቕቓሕን ዜናን ሓበሬታን ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ እናመስገንኩ ሕቶታተይ ኣብ'ዚ ወዲኣ ኣሎኹ። ካልእ ተወሳኺ ንህዝቢን ንሰማዕትናን ክተማሓላልፎ እትደሊ መልእኽቲ እንተሎካ፣

***ሃብተማርያም***: **ኣነ'ውን ነዚ ዝሃብኩምኒ ዕድል የመስግን። ተወሳኺ ከመሓላልፎ ዝደሊ እንተልዩ ሒዝናዮ ዘሎና ጉዳይ ሃገርን ህዝብን ስለ ዝኾነ ካብ ጸቢብ ኣረኣእያ ሓራ ክንከውን ነቲ ህግደፍ ዝጥቀመሉ ሜላ ኣብ ቃልስና ከንጸባርቕ ከም ዘይብሉ ክንጽዕር ይግባእ። ኣቃውማ ሕብረተሰብና ዝቕበሎ ቃልሲ ክንጥቀም፡ ሃገራዊ ረብሓታትና ንኹልና ብማዕረ ዝምልከት ምዃኑ ተገንዚብና ባህሊ ምጽውዋርን ምክብባርን ክነማዕብል ኣሎና ይብል።**
**ኣብ ውሽጢ ዘሎ ህዝብና ብስሚዒቱ ኣንጻር ህግደፍ እዩ። ብተግባር ግን ምዕይ ክብል ስለ ዘይክእል እቲ ኣብ ዲያስፖራ ዘሎ ህዝቢ ኣብ ሃገርና ሰላምን ፍትሕን ክነግስ፡ ስቓይ ህዝብናን ምብትታን መንእሰያትናን ክሓጽር፡ ኣንጻር ኲናትን፡ ድኽነትን ጥመየትን፡ ሃገርና ዓዲ ሕግን ቅዋምን ክትከውን ኣብ ልዕሊ ጉጅለ ህግደፍ ግብራዊ ጸቕጢ ክገብር እጽውዕ።**

**ግዝኣተ ሕጊ ይንገስ**!
**ክፍሊ ዜናን ሓበሬታን ኤህም**
**መጋቢት** 26፤ 2010